BARNDOM UTAN BROTT

# Gäng-snacket

## ንወለድን ንካልኦት ኣገደስቲ ዓበይትን ዝኸውን መምርሒ

Tigrinja

# ገበነኛታት ጉጅለታት ንውላድካ ከይምልምልዎ ትጩነቕ ዲኻ?

ኣብ ሽወደን ኣዚዮም ብዙሓት ቈልዑ ናብ ገበነኛታት ጉጅለታት ይስሓቡ ኣለዉ። ገለ ካብ'ኣቶም እሞ'ኸኣ 10-12 ዝዕድሜኦም ቈልዑ እዮም። ከም ወላዲ፡ መምህር፡ ኣሰልጣኒ፡ ኣባል ስድራ ቤት ወይ ካልእ ኣገዳሲ ዓቢ ሰብ መጠን ተስፋ ምቝራጽን ጓህን ክስምዓካ ንቡር እዩ። ብፍላይ ኣብ ኵነታትካ በይንኻ ከም ዘለኻ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ።

## ምስ ካልኦት ሰባት ተዛረብ

ቀዳማይ ስጉምቲ ምስ ካልኦት ዓበይትን ምስ ውላድካን ምዝራብ ምጅማር እዩ። ኣብዚ ሕብረተ ሰብ ደገፍ ናይ ምሃብን ምሕጋዝን ልምዲ ዘለዎም ብዙሓት ተዋሳእቲ እውን ኣለዉ።

ነቶም ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ኣስተብህለሎምን ቀልጢፍካ ሓገዝ ሕተትን። ብሓባር ኴንና ንኸሎም ቈልዑ ካብ ገበን ናጻ ዝኾነ ድሕንነትን ቅሳነትን ዘለዎ ቁልዕነት ክንፈጥረሎም ንኽእል ኢና።

## እቶም ጉጅለታት ኣብቲ ውሉድካ ዘለዎ ቦታ ኣለዉ።

ገበነኛታት ወይ ምስ ገበነኛታት ዕርክነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ከባቢ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ወይ ኣብ ጥቓ ቤትካ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም መብዛሕትኡ ግዜ ኣዕሩኽ ውሉድካ ከም ዝኾኑ ዘምስሉ ብዕድመ ዝደፍኡ መንእሰያት እዮም። ንኣብነት ፒሳን ልስሉስ መስተን ይጋብዙ፡ ናእዳን ህያባትን ይህቡ። ወይ ብማኪና ይማልኡኻ። እቶም ጉጅለ ነቲ ቈልዓ ብጻይነት ከም ዝስምዖ ይገብሩ።



## እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ከተስተብህለሎም ዘለካ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እዮም፦

- ውላድካ ክሕሱ ወይ ነገራት ክሓብእ እንተ ጀሚሩ
- ምስ ሓደስቲ ብዕድመ ዝደፍኡ መንእሰያት ወይ ኣባጽሕ ክራኸብ ይጅምር
- ሓድሽ ክዳውንቲ ወይ ሓዳስ ተሌፎን ሒዙ ናብ ገዛ ይመጽእ
- ገንዘብ ክትህቦ ምሕታት የቋርጽ ወይ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝያዳ ገንዘብ ከም ዘለዎ ይመስል
- ብዓይኒ ጥርጣረ ዝርኣ ብዙሕ ወይ ዓበይቲ ክፍሊታት ይልእኽ ወይ ይቕበል (ብስዊሽ ወይ ብናይ ባንክ ሕሳብ)
- ክልተ ሞባይል ተሌፎናት ክሕዝ ይጅምር
- ኣዘራርብኡ ክቕየር፡ ሓድሽ ርኢቶታትን ክብርታትን ይፈጥር።

# እቶም ጒጅለ እቲ ቈልዓ እንታይ ክገብር እዮም ዝደልዩ?

እቶም ገበነኛታት መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቈልዓ ኣብ እተፈላለየ ዕዮታት ክሕግዝ እዮም ዝደልዩ። ከም ድሮጋታትን ኣጽዋርን ምም ጻእን ምብጻሕን፡ ንኻልኦት ሰባት ምፍርራሕ ወይ ኣብ ገሊኡ ኣጋጣ ሚታት ድማ ክሳብ ንሰብ ምቕታል። እቶም ዕዮታት ኣብ ፈለማ ናእሽቱ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ቀልጢፎም ግን ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ኣወዳት ጥራይ ኣይኰኑን፡

ኣዋልድ እውን ናብቶም ጒጅለታት ይስሓባ እየን። መብዛሕትኡ ግዜ ካብቶም ኣወዳት ቍሩብ ዝተፈልየ ተራ እዩ ዘለወን፡ ንኣብነት ከም ምሕባእ ወይ ምጒዕዓዝ ገንዘብን ድሮጋታትን ዝኣመሰለ። ሓንቲ ብሕጊ ተቐጺዓ ዘይትፈልጥ ጓል ፖሊስ ደው ከብልዋ ዘይልሙድ ስለ ዝኾነ፡ ነቶም ጒጅለታት ዓቢ ጥቕሚ ክህልዋ ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓንቲ ጓል ኣብ ገበን ከም ዝኣተወት ንምፍላጥ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

## ብፍሉይ ናብዚ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ቈልዑን መንእሰያትን

እቶም ጒጅለታት ሓደሽቲ ኣባላት ክምልምሉ ኣብ ዝፍትንሉ እዋን ሓደ ሓደ ቈልዑ ብዝይዳድ ናብዚ ሓደጋ ተቓላዕቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም ንኣብነት ብዘይ ወለዲ ናብዚ ዓዲ ዝመጹ ቈልዑን ምስ ካልእ ስድራ ክቕመጡ ዝተገብረ ቈልዑን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ገበነኛታት ጒጅለታት ኣብ ከባቢ ኣእምሮኣዊ ስንክ ልና ዘለዎም ቈልዑ ዝምሃርሉ ከም ዝሰማማዕ ዝተገብረ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዝንቀሳቐሱ እውን ፖሊስ ኣጠንቂቖም እዮም።

## እቶም ጒጅለታት ናብ ጌጋ መንገዲ እዮም ዘምርሑ

እቶም ገበነኛታት ንውሉድካ ትምኒቱ ወይ ሕልሙ ንኽበጽሕ ፈጺሞም ኣይሕግዝዎን እዮም። ኣርካናት ንኽኾኑ ወይ ካብ ማእሰ ርቲ ንኽምልጡ ጥራይ እዮም ነቲ ቈልዓ ክጥቀምሉ።



## ቈልዑ ነዚ ዝስዕብ ንምርካብ ናብ ገበን ይስሓቡ፦

- ➜ ጽቡቕ ጨማን ክዳውንትን
- ➜ ልዑል ደረጃ ኣብ ሕብረተ ሰብን ኣኽብሮትን
- ➜ ኣባል ጉጅለ ምዃን፡ ስሚዒት ብጻይነትን

እቶም ቈልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢ ዝነብሩ ቦታ ንዘለዉ ዝተዓወቱ ዝመስሉ ብዕድመ ዝደፍኡ መንእሰያት ይርእዩ። ብዙሓት ኣዕሩኽ ዘለዎምን ጽቡቕ ነገራት ክገዝኡ ዝኽእሉን መንእሰያት።

ገሊኦም ቈልዑ እቶም ጉጅለታት ሕልሞም ንኽበጽሑ ክሕግዝዎም ዝኽእሉ እዩ ዝመ ስሎም። ክኽበሩን “ፍሉጥ ሰብ” ክኾኑን ይደልዩ። ወይ እቲ ዝሓልምዎ ክዳውንቲ ንኽገ ዝኡ ዓቕሚ ክህልዎም ጥራይ።

# ንውላድካ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ሰብ ንስኻ ኢኻ።

ዋላ እቲ ቈልዓ ኵሉ ግዜ ኣየርእዮ፡ ከም ዓቢ ሰብ መጠን ኣብ ህይወት ውላድካ ኣዚኻ ኣገዳሲ ሰብ ኢኻ። ንስኻ ኢኻ ከይደኸምካ ደጋጊምካ ክትርእይ፡ ክትሓትትን ክትሰምዕን እትኽእል።

## ምሕታት ቀጽል

ብዙሓት ቈልዑ እቲ ከጋጥም ኣብ መንገዲ ዘሎ ነገር ቅቡል ከም ዘይኮነ ይርድኦም እዩ። ምናልባት ስለ ዘሕፍሮም ወይ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራ ቤቶም ክከላኸልሎም ስለ ዝደልዩ ክኸውን ይኽእል። ዋላ'ኳ ጥቡቕን ፍቕሪ ዝመልኦን ርክብ ይሃልኹም፡ ስለዚ እዮም ካብ ምንጋር ክቍጠቡ ወይ ሓሶት ክነግሩኻ ዝኽእሉ።

ዋላ ውላድካ ክምልሰልካ ኣይድለ፡ ከመይ ከም ዘለዉን እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉን ምሕታት ክትቅጽል ኣገዳሲ እዩ። ከም ዘለኻሎም ክፈልጡ ምቕጻል ብዙሕ ትርጕም ኣለዎ።




## ንቈልዑ ካብ ገበን ዝከላኸሉ ነገራት፦

- ንጡፍ ናይ ናጻ ግዜ፡ ውሑስ ልምድታት
- ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ፡ ምስ ዘድሊ ተወሳኺ ሓገዝ ምሃብ
- ምስ ዓበይቲ ብሓባር ነገራት ምግባር
- ዓበይቲ ኣይፋል ክብሉን ንጹር ደረት ክገብሩን
- ዓበይቲ ክሓቱን ክሰምዑን

እቲ ቈልዓ ንዘጋጥሞ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ደፊሩ ምእንቲ ክነግር፡ ከይፈረ ድካ ናይቲ ቈልዕ ሓሳባትን ስሚዒትን ክትርዳእ ምፍታን ኣገዳሲ እዩ።

# BARNDOM UTAN BROTT

Ett initiativ från Länsstyrelserna

ውላድካ ናብ ገበን ከይኣቱ ትጨነቕ እንተ ኼንካ፡ ንዓኻን ንውላድካን ዝኸውን ክትረኽቦ ትኽእል ደገፍን ሓገዝን ኣሎ።
ክትድውል ወይ ኢ-መይል ክትሰድድ ከለኻ፡ ስምካ ከይነገርካ ክትገብሮ ከም ትኽእል ኣይትረስዕ።

**ኣብ መላእ ሽወደን ዝርከብ ደገፍ፡-**

- ብሪስ (Bris) ሃገራዊ መስመር ርክብ ደገፍ ንቈልዑ፡- 116 111
- ንኣባጽሕ ዝምልከት ናይ ብሪስ(ውድብ መሰል ቈልዑ ኣብ ሕብረተሰብ) ቍጽሪ ተሌፎን ብሽወደንኛ 077-150 50 50፡ ብእንግልዝኛን ዓረብኛን ድማ 077-448 09 00
- ተረኛ መስመር ርክብ ደገፍ ንግዳያት ገበን (Brottsofferjourens stödlinje) – ንዓኻ ግዳይ ገበን ዝኾንካ፡ ምስክር ወይ ዘመድ፡- 116 006 ወይ brottsofferjouren.se
- መስመር ርክብ ንወለዲ (Föräldralinjen) – መስመር ርክብ ደገፍ ንዓኻ ብዛዕባ ሓደ ቈልዓ ትሻቐል፡- 020-85 20 00 ወይ mind.se
- ፖሊስ፡- ምልክታ ወይ ሓበሬታ፡ ቍጽሪ ተሌፎን 11414 ወይ polisen.se/tips።
ንህጹጽ ጕዳያት ናብ 112 ደወል።

## ኣብ ሉድቪካ/ዳላርና ክርከብ ዝኽእል ደገፍ

- ኣብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት(እንዳሶሻል) ቈልዑን መንእሰያትን ዝእንግድ፤ ናብ መቐበሊ ጓሻ ቑጽሪ ተሌፎን ንኡስ-ዞባ 0240-860 00 ብምድዋል ምስ'ቲ ኣብ ክፍሊ ሓልዮት ውልቀሰብን ስድራቤትን (inom individ- och familjeomsorgen) ዝርከብ ጓሻ ዝእንግድ ክዛረብ እደሊ እየ ኢልኩም ደውሉ።
- በዓል-ተራ እንዳሶሻል ኣብ ዳላርና፤ ብቍጽሪ ተሌፎን 112 ብምውዳል ምስ በዓል-ተራ እንዳሶሻል ኣብ ዳዳልና ኣራኽቡኒ ኢልኩም ክትድውሉ ትክእሉ ኢኹም። och be att få bli kopplad till socialjouren i Dalarna.
- ምስ'ቶም ኣብ ግዳም ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ኣባላት፤ የርገን ግሩንድስትረም ብተሌፎን 0240-868 83 (SMS ብኤስኤምኤስ 076-126 27 07) ምስ ኤሜሊ ኣንገሊን ብተሌፎን 0240-868 73 (SMS ብኤስኤምኤስ 070-252 70 87) ብኢሜል faltgruppen@ludvika.se ክትራኸቡ ትኽእሉ።
- ምስ ኣወሃዲት ምክልኻል ገበን፤ ማቲልዳ ሹስት ብቍጽሪ ተሌፎን 0240-860 27 ወይ ብኢሜል matilda.tjust@ludvika.se ክትራኸቡ ትኽእሉ።

Länsstyrelserna Polisen LUDVIKA KOMMUN